# መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ኤርትራ ብዓወት ተዛዚሙ

## ክፍሊ ዜና ስርሓት ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ
29.07.2008




መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ትማሊ ዕለት 30.07.2008፡ ሰላሳን ትሽዓተን ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኣርባዕተ ተጠባበቕትን ብምምራጽ ብዓወት ተዛዚሙ። ነቲ ናይ ምርጫ መስርሕ ትመርሕ ዝነበረት ብብጻይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ እትምራሕ፡ ዶክተር ተድሮስ ኣማኒኤል፡ ለትኣብ ዓማር፡ መሓመድ ዑስማን፡ ጀማል ሁመድ፡ ግርማይ ክፍለን ሳምሶን ገብረሂወትን ዝኣባላታ ኣምራጺት ኮሚቴ፡ ነቲ ውጽኢት ምርጫ ኣብ ቅድሚ'ቲ ንመዕጸዊ በዓል ተዓዲሙ ዝመጸ ህዝቢ ኢያ ኣዊጃቶ።

ጉባኤ ቅድሚ መሪሕነት ምምራጽ 12 ነጥብታት ዝሓዘለ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ኣመሓልሊፉ። ከምኡ ውን ንዝቐረበሉ ንድፊ ደምዳሚ ኣዋጅ ኣጽዲቑ። ብጻይ ገረዝጊሄር ተወልደ ዝመርሓ ሰክረታርያ፡ ንስርሓ ብጽፈት ዛዚማ ክትወርድ እንከላ፡ ጉባኤኛ ደው ኢሉ ብድሙቕ ጭብጨባ መጒሱ ገሊጹላ።



ኣብ መዕጸዊ ናይ'ቲ ጉባኤ፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎረምን ወኪል ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ኢትዮጵያን፡ ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን፣ ምኽትል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብጻይ ሓጅ ዓብደልኑር፤ ከምኡ ውን፡ ኣቦ መንበራትን ወከልትን ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራዊ ድሞክራስያዊ ኪዳንን ናይ ኢትዮጵያ ናይ ዜና ማዕከናትን ተረኺቦም ነይሮም።

መዕጸዊ ኣኼባ፡ በታ ካብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ዝመጸት ጉጅለ ስነ-ጥበብ ስምረት ብዝቐረበቶ ደርፍታት ኢዩ ተጀሚሩ። ስዒቡ ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን፡ ናይ ደገፍ ቃል ኣስሚዑ። ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን፡ እቲ ሰልፊ ሒዝዎ ዘሎ መስመርን ስትራተጅን ቅኑዕ ምኻኑ ብምርግጋጽ ብዙሓት ክጽንበርዎ ትጽቢት ከምዘሎ ኣብሪሁ። ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ድማ፡ ደገፎም ንህዝቢ ኤርትራን ተቓወምቲ ውድባቱን ቀጻሊ ምኻኑ ኣብሪሁ። ጉባኤ ብዓወት ምዝዛሙ ዝተሰምዖ ሓጐስ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ውን ናይ ዮሃና መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።




ቀጺሉ፡ ብጻይ ሓጅ ዓብደልኑር፡ ንኣባላት ጉባኤ ናይ እንቋዕ ሓጐሰኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ ዓወት ናይ'ዚ ጉባኤ'ዚ ዓወት ናይ ኵሎም ተቓወምቲ ውድባት ምኻኑ ኣረጋጊጹ። እዚ ብሰልፊ ህዝቢ ተረጋጊጹ ዘሎ ለውጥታት ኣብ ጉዕዞ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናቱ ጽልዋታት ክህልዎ ምኻኑ ውን ኣብሪሁ። ግደ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ምምስራት ሃገራዊ ምሕዝነት ሓይልታት ኤርትራን ኣብ ምዕዋት ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓቢ ምንባሩ ገሊጹ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣካል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኲይኑ ከምዝቕጽል ድማ ዝኾነ ጥርጥር ከምዘይብሉ ኣረጋጊጹ።



ብጻይ መሓመድ ኑር ድማ፡ ነቶም ናጻ ተዓዘብቲ ወኪሉ ነቲ ኣብ ጕዕዞ ጉባኤ ዝተኻየደ መስርሕ ምስክርነት ሂቡ። ብጻይ መሓመድ ኑር፡ እዚ ተመኵሮ'ዚ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ብርቂ ኢዩ ኢሉ። እቲ ጉባኤ ኣዝዮም ጽንኩራትን ዝተሓላለኹን ጉዳያት የልዕል ምንባሩ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ጉባኤኛታት ብሳላ ንቕሓቶም ብዘይ ገለ ጸገም ይሰግርዎ ከምዝነበሩ ኣረጋጊጹ። እዚ ንቕሓት'ዚ፡ ንዓቕምታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከሐይል ዝኽእል ምዃኑ ድማ ጠቒሱ። እዞም ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ዝርኣኽዎም ንቑሓት መንእሰያት ምስ'ቶም ኣብ'ተን ካልኦት ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ዝርከቡ መንእሰያት ኰይኖም ከመርሑን ንሃገርና ናብ ጥጡሕ ባይታ ከምጽኡን ከምዝኽእሉ እተኣማመን ኢየ ኢሉ።

ኣብ መደምደምታ፡ እቲ ጉባኤ ብኹሉ መዐቀኒታቱ ዲሞክራስያውን ኣሳታፍን ምንባሩ መስኪሩ። ኤርትራ፡ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ዲሞክራሲ ክሰፍና ሃገር ንኽትከውን ዘለዎ ባህጊ ገሊጹ። ንኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።




ጒጅለ ስነጥባብ ስምረት፡ ኣካል ናይ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ከምዝወሰነት ኣብ'ቲ መዕጸዊ በዓል ብወግዒ ኣፍሊጣ። ጒጅለ ስነ-ጠበብ ስምረት ብዝቕረበቶ ዝተፈላለየ ደርፍታት ካሳብ ሰዓት ክልተ ናይ ለይቲ ደሚቑ ሓዲሩ።

